# ሥርዓተ ጸሎት ወስግደት ዘሰሙነ ሕማማት

ኣብ ነግህ፡ ሠለስቱ (ሰዓት 9 ቅ.ቀ)፡ ስድስቱ (ሰዓት 12 ድ.ቀ.)፡ ተስዓቱ(ሰዓት 3 ድ.ቀ)፡ ዓሠርቱ ወአሐዱ (ሰዓት 5 ድ.ቀ.)፡ ዘሎ ሥርዓተ ጸሎት ወስግደት ነዚ ይመስል።

ኣብዘን ጊዜያት ጸሊም ዝለበሰ ዲያቆን ቃል ኣዋዲ እናኣስምዐ ሠለስተ ጊዜ ቤተ ክርስቲያን ይዐውድ።

ጸሎታት መዝሙረ ዳዊት፡ ውዳሴ ማርያም ምስለ አንቀጸ ብርሃን ይጽለ። 'አቡን' ምስቲ ናይቲ ጊዜ ዝተመደበ ወንጌል ዝሰማማዕ መራሕን ተመራሕን ዘለዎን እናተቐባበልካን ሠለስተ ጊዜ ይዝየም። ብድኅር እዚ 'ለከ ኃይል' . . . ምስ 'አቡነ ዘበሰማያት' ብየማነ ጸጋም ሸሽድሸተ እናተቐባበልካ ብስግደት ይበሃል።

## ❖ ለከ ኃይል

ለከ ኃይል ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ንኣኻ ይግባእ።

አማኑኤል አምላኪየ ለከ ኃይል ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ኣማኑኤል ኣምላኺይ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ንኣኻ ይግባእ።

ኦ እግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለከ ኃይል ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ኦ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ንኣኻ ይግባእ።

ኃይልየ ወፀወንየ ውእቱ እግዚእየ

ኃይለይን መጸግዒየይን ጐይታይ እዩ።

እስመ ኮንከኒ ረዳእየ እብል በአኰቴት

ረዳእየይ ኼንካኒ ኢኻ እሞ ብምስጋና ከምዚ እብል።

## ❖ አቡነ ዘበሰማያት

አቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ

ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ።

ትምጻእ መንግሥትከ ወይኩን ፈቃድከ

መንግሥትኻ ትምጻእ፡ ፍቓድካ ይኹን።

በከመ በሰማይ ከማሁ በምድር

ከምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ።

ሲሳየነ ዘለለዕለትነ ሃበነ ዮም

ነናይ ዕለት ሲሳይና ሎሚ ሃበና።

ኅድግ ለነ አበሳነ ወጌጋየነ

ኣበሳናን ጌጋናን ኅደገልና፡

ከመ ንሕነኒ ንኅድግ ለዘአበሰ ለነ

ንሕና ንዝበደለና ክንኃድግ፡

ኢታብአነ እግዚኦ ውስተ መንሱት

አ ጐይታ ናብ ፈተና ኣይተእትወና፡

አላ አድኅነነ ወባልሃነ

ፈጺምካ ኣድኅነና እምበር።

እምኲሉ እኩይ እስመ ዚአከ

ካብ ኲሉ ክፉእ ዘበለ፡ ከመይ

ይእቲ መንግሥት

ናትካ እዩ መንግሥትን

ኃይል ወስብሐት ለዓለመ ዓለም።

ኃይልን ክብርን ንዘለዓለም ፡ አሜን።

**ብድኅርዚ እናተቐባበልካ 'ለአምላክ ይደሉ' ብስግደት ይዝየም።**

❖ ለአምላክ ይደሉ

ለአምላክ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንኣምላኽነቱ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለሥሉስ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንሠለስትነቱ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለማሕየዊ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንምድኃኑ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለዕበዩ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንዕቤቱ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለእዘዙ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንተኣዛዝነቱ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለመንግሥቱ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንመንግሥቱ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለኢየሱስ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንኢየሱስ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለክርስቶስ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንክርስቶስ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለሕማሙ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም

ንስቅያቱ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።

ለመስቀሉ ይደሉ ክብር ወስብሐት ወእዘዝ ለዓለመ ዓለም (በዓርብ)

ንመስቀሉ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ዓለም ይግባእ።(ብዓርቢ)

ለከ ይደሉ ኃይል ለከ ይደሉ ስብሐት ወለከ ይደሉ አኰቴት ኦ እግዚእየ ኢየሱስ ክርስቶስ ለዓለመ ዓለም

ኦ ጐይታይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኃይሊ ክብርን ምስጋናን ተኣዛዝነትን ንዘለዓለም ይግባእ፡ ኣሜን።

**ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብቀደም ተኸተል ምስ ተነበ፡ ተኣምረ ማርያም፡ ተኣምረ ኢየሱስ ይንበብ። ዲያቆን ካብ መዝሙረ ዳዊት ምስባክ ይብል፡ ካህን ድማ ቅዱስ ወንጌል የንብብ፡ ብድኅር 'ዚ ካህን ንጸሎት በእንተ ጽንዓ ዛቲ እቶም ምእመናንን ምእመናትን እናተቀበልዎ የንብብ፦**

- <u>ጸሎት በእንተ ጽንዓ ዛቲ</u>

ይበል ካህን፡ በእንተ ጽንዓ ዛቲ . . .

ምእንቲ ጽንዓት እዛ ቤተ ክርስቲያን'ዚኣ

ይበሉ ሕዝቢ፡ እግዚኦ ተሠሃለነ (ለለምዕራፍ)

ኦ ጐይታ ይቕረ በለልና

ብድኅር'ዚ ሓደ ሸነክ ዘለዉ 'ክርስቶስ አምላክነ ዘመጽአ ወሐመ በእንቲአነ በሕማማቲሁ ቤዘወነ' ኢሎም የዝይሙ።

በቲ ካልእ ሸነክ ዘለዉ ድማ 'ንሰብሖ ወናልዕል ስሞ ኅቡረ እስመ ውእቱ ገብረ መድኃኒተ በብዝኀ ሣህሉ' ኢሎም ምስ ኣዜሙ፡ እናተቀባበሉ ኪርያላይሶን ይበሃል።

- <u>ኪርያላይሶን</u>

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን እብኖዲ ናይን ኪርያላይሶን

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ታኦስ ናይን ኪርያላይሶን

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ትስቡጣ ናይን ኪርያላይሶን

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ማስያስ ናይን ኪርያላይሶን

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኢየሱስ ናይን ኪርያላይሶን

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ክርስቶስ ናይን ኪርያላይሶን

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኣማኑኤል ናይን ኪርያላይሶን

ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን ኪርያላይሶን

ብድኅር እዚ ብየማንን ጸጋምን ዘለዉ እናተቐባበሉ 41 ጊዜ ኪርያላይሶን ይብሉ።

ቀጺሉ ናይቲ ሰዓት መልክዐ ሕማማት ይዝየም።

ካህን ድማ ፍትሓት ዘወልድ ፡ ጸሎተ ቡራኬ ፡ ወዕቀቦሙ፡ ኦ ሥሉስ ቅዱስ፡ ኦ ማኅበራኒሁ ለክርስቶስ ፡ ነዋ በግዑ . . . ምስ ጸለየ 41 ስግደትን 12 ኣቡነ ዘበሰማያት ይእዝዝ።

### ❖ *ሥርዓተ ጸሎት ወስግደት በዕለተ ኃሙስ*

በዕለተ ኃሙስ ከም ናይ ዝኃለፉ መዓልታት ሰኑይ፡ ሠሉስን ረቡዕን እቲ ናይ ነግህን ሠለስቱን ቀትርን ተስዓቱን ሥርዓተ ጸሎትን ስግደትን ምስ በጽሐ፡ ሕጽበተ እግርን ጸሎተ ቅዳሴን ይሥራዕ።

ካህን ነቲ ዝተቐረበ ማይ ‘አሐዱ አብ ቅዱስ አሐዱ ወልድ ቅዱስ አሐዱ ውእቱ መንፈስ ቅዱስ’ እናበለ ምስ ባረኾ፡ ትዓጢቑ ንእግሪ ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ምእመናትን ይሓጽብ። ሊቃውንት መዘምራን ድማ ‘ሓዋርያቲሁ ከበበ እግረ አርዳኢሁ ሐፀበ፡ ኮኖሙ አበ ወእመ ወመህሮሙ ጥበበ ሃሌ ሉያ’ እናበሉ መዝሙር 150፡1 የዝይሙ።

ብድኅርʼዚ ሥርዓተ ቍርባን ጸሎተ ቅዳሴ ይሥራዕ። ኣብ ጸሎተ ቅዳሴ ቀዳስያን ጸሊም ለቢሶም፡ ኣብ ክንዲ ቃጭል ጸናጽል፣ ኣብ ክንዲ በእንተ ቅድሳት ድማ ኣብ ግብረ ሕማማት ዝተመደበ ይንበብ። ቅዳሴ ኤጲፋንዮስ ይቐደስ፣ ዜማ አቡነ ዘበሰማያት ከም ናይ ሰሙነ ሕማማት ይዝየም፣ ኃዳፌ ነፍስን ቡራኬን መስቀል ምስላምን የለን።

### ❖ *ሥርዓተ ጸሎት ወስግደት በዕለተ ዓርብ*

ጸሎታት መዝሙረ ዳዊት፡ ውዳሴ ማርያም ምስለ አንቀጸ ብርሃን ይጽለ። ‘አቡን’ ናይቲ ጊዜ ዝተመደበ መራሕን ተመራሕን ዘለዎን እናተቐባበልካን ሠለስተ ጊዜ ይዝየም። ብድኅር እዚ ለከ ኃይል . . . ምስ አቡነ ዘበሰማያትን ብየማነ ጸጋም ሸሽድሸተ ከምኡʼውን ‘ለአምላክ ይደሉ’ እናተቐባበልካ ብስግደት ብዕዝል ዜማ ይበሃል።

ካብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብቀደም ተኸተል ምስ ተነበ፡ ተኣምረ ማርያም፡ ተኣምረ ኢየሱስ ይንበብ። ቅድሚ ንባበ ወንጌል ዲያቆን ካብ መዝሙረ ዳዊት ምስባክ ብዕዝል ዜማ የዝይም፡ ካህን ድማ ናይቲ ሰዓት ዝተመደበ ብዜማ እናመርሐ ካብ ናይ ኣርባዕቲኡ ወንጌል የንብብ። ብድኅር ‘ዚ ካህን ንጸሎት በእንተ ድንዓ ዛቲ እቶም ምእመናንን ምእመናትን እናተቐበልዎ የንብብ።

ካብዚ ቀጺሉ ከምቲ ዝተለምደ ካብ ናይ ኪርያላይሶን ጸሎትን ስግደትን ምስ ተገብረ፡ ጸሎተ ቡራኬ ይበሃል።

ተወሳኺ ኣብ ጊዜ ተስዓቱ (3 ድ.ቀ)  ካህናት ‘አምንስቲት . . . ፣ ተዘከረነ እግዚኦ . . . ‘ ይብሉ። ዲያቆን ድማ ብወርድ ንባብ ለለምዕራፉ የንብብ።

ኣብ ጊዜ ዓሠርቱ ወአሐዱ ሰዓት (5 ድ.ቀ.) ሥርዓተ ስግደት ‘ለከ ኃይል’ ‘ኪርያላይሶን’ የለን። ከምኡʼውን ናይ ሠርከ መልክዐ ሕማማት የለን። ካህናትን ሕዝብን እናተቐባበሉ ብኣርባዕቲኡ መኣዝን ፡’እግዚኦታ’ ብዓቢይን ንኡስን ዜማ የብጽሑ። ብድኅርʼዚ ነቲ ካህን ዝኣዘዞ 41 ኪርያላይሶን ይስገድ። ውሉደ ክህነት ድማ መቁምያ ኊዞም ኣብ መንገኦም መብራህቲ ኣብሪሆም  ካብ መዝሙረ ዳዊት ፣ጸሎተ ነቢያትን እናተቐባበሉ የብጽሑ።  ‘ወፍኖቶሙሰ ለኃጥኣን ትትጥፋእ’ ምስ ተባህለ ነታ ኣብ መንጎ ዝነበረት መብራህቲ ብመቑምያኦም ሃሪሞም የጥፍእዋ። ካህናት መዘምራንን ምእመናንን ምእመናትን ኃቢሮም ‘ንሴብሖ’ እናበሉ ይዝምሩ።

❖ ካብ ቀዳም ስዑር ክሳዕ ትንሣኤ ዝተመደቡ ንባባትን ጸሎታትን ብዝግባእ ይበጽሑ።

❖ ❖ ❖